*ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ*

*ቤት ጽሕፈት ኣቦ መንበር*

**جبهة الإنقاذ الوطني الإرترية**

**مكتب الرئيس**

*ERITREAN NATIONAL SALVATION FRONT*

*Office of the Chairman*

*yusuf.berhanu@yahoo.com*


*ዕለት፡* 09/02/2022

# *ሃገርና ኤርትራ ሓደ ካብ'ቶም*
# *ዓበይቲ መንፈሳውያን መራሕታ ኸሲራ*

*ድሕሪ ነዊሕን ሕሱምን ስቓይ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ገባቲ ስርዓት ህግደፍ፣ ክቡር ኣቦና ኣንጦንዮስ ፓትሪያርክ ኦርቶዶክሳዊት ቤተ ክርስትያን ኤርትራ፣ ብዕለት* 9/02/2022 *ኣብ መበል* 96 *ዕድሜኦም ብሞት ምፍላዮም ዝተሰማዓና መሪር ሓዘን ክንገልጽ ንፈቱ።*

*ሕጋዊ ፓትሪያርክ ኦርቶዶክሳዊት ቤተ ክርስትያን ኤርትራ ኣቡነ ኣንጦንዮስ፣ ዳርጋ ዕድሜኦም ብምሉእ ንህዝቦም ዘገልገሉ መንፈሳዊ መራሒ ኣብ ርእሲ ምዃኖም፣ ገባቲ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያት ቤተ ክርስትያን ኢዱ ከተኣታቱ ምስ ጀመረ ብትብዓት ዝመከቱ ኣብነታዊ ኣቦ ኢዮም። እምቢ ስለ ዝበሉ ከኣ፣ ሕፍረት ዘይብሉ መላኺ ጉጅለ ህግደፍ ንልዕሊ 12 ዓመት ኣብ ቤት ማእሰርቱ ከም ማሕዩር ዳጊንዎም።*

*ብስመይን ብስም ኩሎም ኣባላት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ፣ ብሞት ብጹእ ኣቡነ ኣንጦንዮስ ዝተሰማዓና መሪር ሓዘን ብምግላጽ፡ ንኹሎም ኣመንቲ ኦርቶዶካሳዊት ቤተ ክርስስያንን፣ ንመላእ ህዝቢ ኤርትራን፣ ነቶም ኣብ ሓቀኛ መስመሮም ብጽንዓት ደው ኢሎም ዘለዉ ክቡራት መራሕቲ ሃይማኖትን ከምኡ'ውን ንቤተሰቦምን ጽንዓትን ኣኻእሎን ይሃብኩም ብምባል፣ ንክቡር ኣቦና መንግስተ ሰማያት ከዋርሶም ናይ ወትሩ ጸሎትና ምዃኑ ክገልጽ እፈቱ።*

*ክቡር ፓትሪያርክ ኣቦነ ኣንጦንዮስ ብስጋ'ኳ እንተ ተፈለዩና ታሪኾም ግን ንውሉድ ወለዶ ኣብ ሃገርና እናተዘከረ ክነብር ምዃኑ ርግጸኛ ኢየ። ካብኦምን ካብ ኩሎም ጀጋኑ ስዉኣትና ዝወርስናዮ ሕድሪ ናብ ሽትኡ ንምብጻሕን ዲሞክራስን ፍትሕን ማዕርነትን ዝነገሳ ሃገር ንምቛምን ቃልስና ቀጻሊ ምዃኑ ቃልና ነሐድስ።*

*ዶር. ዩሱፍ ብርሃኑ*
*ኣቦ መንበር ፈጻሚ ኣካል ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ*